Larvik kommune

Oppvekst og kvalifisering

# ናብ መውዓሊ ህጻናት ላርቪክ ብደሓን ምጹ!



Tigrinja

# ምቾት፣ ሓልዮት፣ ምሕዝነትን ምዕባለን

እዛ ንእሽቶ ጽሕፍቲ እዚኣ ሓጺር ሓበሬታ ብዛዕባ መውዓሊ ህጻናትን: ኣብ መውዓሊ ህጻናት ከም ወለድን ቆልዑን እንታይ ከምዝጽበየኩምን ዝገልጽ ሓሳባት ዝሓዘት ኢያ። መውዓሊ ህጻናት ናይ ምቾት፣ ምሕዝነት፣ ሓልዮትን ምዕባለን ቦታ ኢዩ። ኣብ ኖርወይ ዳርጋ ኩሎም ህጻናት: ቅድሚ ምጅማር ትምህርቲ ኣብ ዘሎ ክሊ ዕድሜኦም: ኣብ መውዓሊ ህጻናት ይኸዱ። ኩሉ ንጥፈታት መውዓሊ ህጻናት ብሕጊ ናይ መውዓሊ ህጻናት ይቅየድ።




**ጸወታን ምህሮን**

ቆልዑ ምስ ካልኦት ቆልዑ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ብምጽዋት ሓጎስ የካዕብቱ። ኣብ ጸወታ፣ ቆልዑ መሓዙት ይረኽቡን ኣብ ሓባራዊ ሂወት ይጽንበሩን። ምስ ካልኦት ቆልዑ ምጽዋት ንምዕባለ ቋንቋ ናይቶም ቆልዑን፣ ኖርወይኛ ንኽመሃሩን ኣዝዩ ይሕግዝ። መውዓሊ ህጻናት ንኹሎም ቆልዑ ናይ መጻወቲ ባይታ የጣጥሕ።

**ብዙሓዊ-ቋንቋ ዘለዎም ቆልዑ**

ብዙሕ ቋንቋ ምኽኣል ንባዕሉ ነቲ ቆልዓን ነቲ ሕብረተሰብን ዓብዪ ጸጋ ኢዩ። ሰራሕተኛታት መውዓሊ ህጻናት ነቲ ናይቲ ቆልዓ ቋንቋ ኣደ ክድግፉን ከኽብርዎን ፣ ናይ ኖርወይኛ ክእለቱ ከኣ ክምዕብል ክሕግዝዎን ኣለዎም። ቆልዓ ክልተ ቋንቋታት ኣብ ሓደ ግዜ ክመሃር ከሎ፣ ወለድን መውዓሊ ህጻናትን ብሓባር ክሰርሑ ከለዉ ውጺኢታዊ ይኸውን። ንኣብነት እቲ ቆልዓን ወለድን ብዛዕባ ’ቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዘሕለፎ ብሓንሳብ ብቋንቋ ኣደ ከዕልሉ ከለዉ ነቲ ቆልዓ ሓጋዚ ይኸውን። ብዛዕባ ’ዚ ኣርእስቲ ኣብ ኢንተርነት ንእትርከብ መጽሄት ኣብዚ ብምጥዋቕ ኣንብቡ። እታ መጽሄት ጽሑፍን ድምጽን ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝሓዘት ኢያ። https://morsmal.no/no/veiledning-til-foreldre/5135-informasjonsheftet-barn-i-flerspraklige-familier

**መደባት ስራሕ ናይቲ መውዓሊ ህጻናት**

ኩለን መውዓሊ ህጻናት  ዓመታዊ መደብ ብምውጻእ ንወለዲ ይህባኦም። ናይ ዓመት መደብ ኣብ ሃገራዊ መደብ ናይ መውዓሊ ህጻናት: ማለት: ስሩዕ መደብ መዋእለ ህጻናት ፣ ተሞርኪሱ ዝስራሕ መደብ ኢዩ።ሰሙናዊን ወርሓዊን መደባትውን


FUNK
FUNK



ሕቶ ምስዝህ ልወኩም ሕተቱና።

ይዳሎ ኢዩ። እዚ መደባት እዚ: መዋእለ ህጻናት ቆልዑ ቅሳነትን ሓልዮትን ከምዝረኽቡ ዝገብሩሉ መገዲን፣ ብኸመይ ናይ ጸወታን ትምህርትን ባይታ ከጣጥሑ ከምዝኽእሉን ዝሕብር ኢዩ። ኩለን መውዓሊ ህጻናት፣ ብቁዓት ብሉጽ ጠለባት ናይ መውዓሊ ህጻናት ዘውሕሱ ሰራሕተኛታት ሒዘን ይርከባ።

**ዕቃቤ ምስጥር**

ሰራሕተኛታት ምስጢር ናይ ምዕቋር ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ሰራሕተኛታት ክዕቆር ዘለዎ ሓበሬታ ናይቲ ቆልዓ ፣ ቤተሰቡን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ንኻልእ ኣሕሊፎም ከይህቡ ይኽልከሉ። ናይ ምዕቋር ግዴታ ምጥሓስ ብሕጊ የቕጽዕ ኢዩ። ኩሎም ሰራሕተኛታት መውዓሊ ህጻናት ስራሕ ቅድሚ ምጅማሮም ካብ ፖሊስ ዝወሃብ ምስክር ወረቐት ከረክቡ ይግደዱ።

**ናይ ሓባር ስራሕ ወለድን መዋእለ ህጻናትን**

መውዓሊ ህጻናት ምስ ወለዲ ብሓባር ምስራሕ ኣዝዩ የገድሶም። መውዓሊ ህጻናት ንስኻትኩም ወለዲ ነቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ኮይኑ እትረኽብዎ ክፈልጣ ባህጊ ኣለወን። ኣብ እዋን ምርካብን ምውሳድን ምሳኹም ዝግበር ዕላላት ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ብተወሳኺ ኣብ መውዓሊ ህጻናት፡ ነቲ ኣብቲ ቦታ ዝግበር ምድላዋትን ኣፈጻጽምኡን ዝገልጽ ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባታት ወለዲ ይዳሎ። ገለ ካብቲ ዝግበር ኣኼባታት ናይ ሓባር ክኸውን ከሎ፣ ገሊኡ ከኣ ብብሕቲ መምስ ወለዲ ይኸውን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣኼባ፣ ወለዲ ብዛ ዕባ ኣብቲ

ኩለን መውዓሊ ህጻናት፣ ብቑዓት ብሉጽ ጠለባት ናይ መውዓሊ ህጻናት ዘውሕሱ ሰራሕ ተኛታት ሒዘን ይርከባ።



መውዓሊ ህጻናት ዝግበር ዕዮ ዘለዎም ርእይቶ ክህቡ ይኽእሉ።
ወለድን ሰራሕተኛታትን ግዜ ፈልዮም እቲ ቆልዓ ከመይ መዓልቱ ከመይ ከምዘሕለፋ ቁርብ ምዝር ራብ ጽቡቕ ኢዩ። ሕቶ ምስዝህልወኩም ሕተቱና።

**ተርጓሚ**

መውዓሊ ህጻናት ብኣገልግሎት ምትርጓም ኣቢለን ተርጓማይ ክእዝዛ ይኽእላ። ናይ መውዓሊ ህጻናት ሰራሕተኛታትን ወለድን ብዝግባእ ጽቡቕ ጌሮም ንኽረዳደኡ ተርጓማይ ምጥቃሞም ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

**ክዳውንትን መሳርሕታትን**

ቆልዑን ሰራሕተኛታትን ዓመት ምሉእ መዓልታዊ ንእተወሰነ እዋን ኣብ ደገ ስለዝወጹ ከከም ኩነታት ኣየር ዝሰማማዕ ክዳን የድልዮም። ነብሲወከፍ ቆልዓ ናቱ መቐመጢ ክዳን ኣብ መእተዊ'ቲ እቲ መውዓሊ ህጻናት ይግበረሉ። ብዛዕባ ክዳን ኣብ ግዜ ዛሕሊ ዝምልከት ብዝተፈላለየ ቋንቋ ኣብዚ ኣብ ኢንተርነት ኣድራሻ morsmal.no ኣንብቡ: https://morsmal.no/no/foreldre-norsk/2382-kle-barna-riktig-i-vinterkulda

**መግቢ**

ኣብ ሓደሓደ መውዓሊ ህጻናት ቆልዑ ናይ ውልቆም መግቢ ሒዞም ይመጹ። ኣብ ገለ ካልኦት መውዓሊ ህጻናት ድማ መግቢ ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ይስራሕ። እዚ ምስዝኸውን መብዛሕቲኡ ግዜ ባኒ፣ ፍራፍረን ካብ ኣሕምልቲ ዝተሰርሐ ምግብን ይቕረብ። ወለዲ ነዚ ዝኸውን ቁርብ ይኸፍሉ። ውላድካ እንተስ ብሰንኪ ኣለርጂ ዘይሰማማዖ፣ እንተስ ብሰንኪ ሃይማኖት ዘይበልዖ ዓይነት መግቢ ምስዝህሉ ንመውዓሊ ህጻናት ሓብር።

**ኣበዓዕላ ልደት ናይ ቆልዓ**

እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ንመዓልቲ ልደት ቆልዓ ክዝክርዎን ከድምቕዎን ልሙድ ኢዩ። እዚ ዝግበረሉ መገዲ ከከም መውዓሊ ህጻናት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፋላለ። ቆልዑ ንመዓልቲ ልደቶም ኣብ መዋእለ ህጻናት ክትበዓል ብሃንቀውታ ኢዮም ዝጽበዩ።

**ክፍሊት**

ንስኻትኩም ወይ ከይትኸፍሉ ወይ'ውን ውሕድ ዝበለ ክፍሊት ክትከፍሉ መሰል ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ኣድራሻ ናይዚ ምምሕዳር ኣለኩም: https://www.larvik.kommune.no/barnehage/pris-og-redusert-betaling/
ኣገዳሲ!: ዓመታዊ ቅድሚ ምጅማር መውዓሊ ህጻናት ዘላ ዕለት 01.06 ከይሓለፈት መሕተቲ ትሑት ክፍሊት ኣእቱ።

**ምጅማር**

እቲ ቆልዓ መውዓሊ ህጻናት ክጅምር ከሎ ሓደ ካብ ወለዲ ኣብተን ናይ መጀመርያ መዓልታት ምስቲ ቆልዓ ክጸንሕ ይግባእ። ሓደ ሓደ ወሃብቲ ስራሕ ንወለዲ ደሞዝ ከይተቆርጸ ካብ ስራሕ ነጻ ክኾኑ ይፈቕዱሎም። ቆልዓኹም መታን ሃዲኡ ክውዕል፣ ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ክንደይ ክትጸንሑ ከምዘለኩም ምስ ሓላፊ ፔዳጎጂ (ኪኢላ ሰራሕተኛ) ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ተሰማምዑ።



መውዓሊ ህጻናት ናይ
ምኾት፣ ሓልዮት፣ ምሕዝነት
ምዕባለን ቦታ ኢዩ።

Larvik kommune

larvik.kommune.no